# ኣብ ኤርትራ ናይ ፖለቲካዊ እሱራት ይፈተሑ፡ ሰብኣዊ መሰላት ይከበር

ቅድሚ 20 ዓመት፡ ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ ድሕሪ 30 ዓመት ቃልሲ ናጻ ምስኮንት ሓንቲ ተስፋ ዘለዋ ኣፍሪቃዊት ሃገር ተቖጺራ ነይራ። ኣብዚ ምዋእል ግን ፍርሂ ጥራይ እትነዝሕ ሃገር ኮይና ትርከብ።

ብ1991 ፍናን ዝበዝሕ ህዝቢ ኤርትራ ልዑል ነይሩ፡ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ውን ብዙሕ ናብ ዲሞክራሲ ዘሰጎመ ምዕባሌታት ተራእየ፡፡ ሓደ ካብኡ እቲ ብቑሉዕ ምይይጥ ብሓንጻጺት ሕጊ ኮሚሽን ዝተዳለወን፡ 1997 ዝተሓንጸጸ ቅዋም ሃገር ነበረ። ኤርትራ ካብ ተነጽሎ ወጺኣ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ከም ሓንቲ ብሰፊሑ ናጻ ካብ ተጽዕኖን ብልሽውናን ዝኾነት ኮምኡውን ንምዕባሌ ብርእሰ-ሓላፍነት ዝተበገሰት ሃገር፡ ልዑል ዓለም ለኻዊ ክብሪ ረኺበት፡፡ እቲ ሓድሽ ኣብ መንጎ 1998-2000 ዝተገብረ ውግእ-ዶብ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ነዚ ዓወታት እዚ ከም ዘይነበረ ጌርዎ እዩ።

ግንቦት 2001 እቶም ላዕለዎት ኣባላት ሰልፊን፡ ፓርላማን፡ ሰራዊትን፡ ማለት እቶም ከም G15 ዝፍለጡ፡ ንፕረዚዴንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ቕሉዕ ደብዳቤ ብምጽሓፍ፡ ንቅዋም ሃገር ንኽጽድቕን፡ ኣብ ርእሲ እታ ካብ ህ.ግ.ሓ.ኤ ናብ ህ.ግ.ደ.ፍ. ዝተሰጋገርት ሰልፊ፡ ካልኦት ነጻ ምንቅስቓሳትን ሰልፋታትንውን ንኽፍቀድ፡ ኮምኡውን ዲሞክራስያዊ ምርጫ ንኽግበር ሓተትዎ። ብተወሳኺ ውን ነቲ መንግስቲ ኣብ ጉዳይ ውግእ-ዶብ ኣብ መንጎ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዝነበሮ ፖለቲካዊ መርገጽ ብዝምልከት ነቒፎሞ።

እቲ ፕሬዚደንት ግን ዕለት 18. ን 19. መስከረም ነቶም ኣብዚ ጉዳይ ዝተሳተፉ ሰባት „ሃገራዊ ልዑላውነትን፡ ሃገራዊ ድሕነትን ሰላምን ኣድፊርኩም" ብማለት ብማእሰርቲ መሊሹሎም። ብተወሳኺ ብሙሉኣተን ነጻ ጋዜጣታት ኣዕጽወን። ድሕሪ ቁሩብ መዓልቲታትውን እቶም ወነንተንን ሓተምተንን ኮምኡውን ላዕለዎት ሰራሕተኛታት መንግስቲ ተኣሰሩ። ንዓሰርተ ዓመታት ዝኣክል እዚኦም ፖለቲካውያን እሱራት ብዘይ ሕገ-ፍርዲ፡ ምስ ማንም ሰብ ከምዘይራኸቡ ብምእጋድ፡ ኣብ ዘይተፈልጠ ቦታ ተኣሲሮም ይርከቡ። ዘይተረጋገጸ ዜና ከም ዝሕብሮ ድሕሪ 2006 ጀሚሮም ኣርባዕተ ኣባላት G15፡ ሰለስተ ጋዜጠኛታትን ገለ ላዕለዎት ሰብ ማዕርግ ነበርን፡ ብሂወቶም ከምዘየለው ይጥርጠር።

ካብዚ እዋን እዚ ጀሚሩ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ/ራ ኤርትራውያን ብዘይ ሕገ-ፍርዲ ተኣሲሮም/ተኣሲረን። ማእከላት ዜናን ሰብኣዊ-መሰል ማሕበራትን ከም ዝሕብርኦ፡ ብዙሓት ካብኣቶም ብኣልቦነት ሕክምናዊ ክንክንን፡ ብሰንኪ ሰብኣዊ-ግፍዒን ሞይቶም፡ ስድራቤቶም ገና ኣይተሓበሩን ኣለዉ ይብል። ካብ ዓለም ለኻዊ ጠመተ ተኸዊሉ፡ ፖለቲካዊን ምጣኔ ሃብታዊ ኩነታትን፡ ጉዳይ ሰብኣዊ-መሰላትን ኤርትራ ብቀጻሊ እናኸፍአ ከደ። ቅዋም ሃገር ከይጸደቐ፡ ደሞክራስያውያን ሰልፋታትን በርጌሳውያን ትካላትን ዘይብሉ ተረፈ፡፡

ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ፖለቲካዊ ቁጠባዊን ሰብኣዊ መሰል ኩነታት ኤርትራ ብቐጻሊ እናኸፈአ ይቅጽል ኣሎ። እዚ ድማ ኣህጉራዊ ኣቃልቦ ኣብ ዝቦኸረሉ ምኽኑ እዩ። ቅዋም ሃገር ተግባራዊ ኣብ ዘይኮነሉ፡ ደሞክራሲያዊ ሰልፍታትን ሲቪካዊ ማሕበራተን ኣብ ዘይብሉ፡ ፕረሲደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብእንኮ ሕጋዊ ሰልፊ (ካብቲ ባዕሉ ዝመርሖ ዝነበራ ሓርነታዊ ምንቅስቓስ ዝመንጨወ)፡ ጸጥታዊ ትካላትን ሰራዊትን ብምሓዝ ይመርሕ ኣሎ።

ሃገራዊ ኣገልግሎት ማለት ወትሃደራዊ ታዕሊም፡ ኩሎም/ኩለን ኤርትራውያን ኣብ መንጎ 18ን 54 ዕድም ዝርከቡ ከማልእዎ/ከማልኣኣ ዝግደዱ/ዝግደዳ፡ ደረቱ ንዘይተፈልጠ ግዜ ኮይኑ ንብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ንዘይድሩት ጊላዊ ኣገልግሎት ይግድድ። ካብ ገለ ዓመታት ጀሚሩ ተመሃሮ ላዕለዋይ ደርጃኣት ትምህርቶም ኣብ መዓስከር ውትህድርና

ንኽውድኡ ይግድድ፡ እዚ ደማ ምእንታን ካብ ጻውዒት ታዕሊም ከየምልጡ ዝተሓቐነ እዩ።

ናይ ኦስሎ ማእከል ንሰላምን ሰብኣዊ-መሰልን (*Oslo Center for Peace and Human Rights)* ንቑጽሪ ፖለቲካውይና እሱራት ኣብ ኤርትራ ካብ 10.000 ስጋብ 30፡000 ይግምቶ። ዝበዝሑ ካብኣቶም ተቓወምቲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ክኾኑ እንከለዉ፡ ኮምኡውን ሰዓብቲ ነኣሽቱ ሃይማኖታውያን ማሕበራት፡ ንሃገሮም ገዲፎም ክወጹ መሪጾም ዝነበሩ እሞ ኣብ ዶብ ሃገር ዝተኣስሩ ኣለዉዎም። ገምጋም ሕቡራት መንግስትታት ከምዝገልጾ ኣብ ዝሓለፈ 10 ዓመታት (ካብ 5 ሚልዮን ዝግመት መላእ ህዝቢ) ልዕሊ 250.000 ዝግመቱ ውልቀሰባት ካብ ኤርትራ ተሰዲዶም። ብመራኽብ ንማእከላይ ባሕሪ ጥሒሶም ናኣዲ ጥልያን ክዓትዉ ኣሽሓት ዝቑጸሩ ጥሒሎም፡ እት ኣብ ዘይሰበአውነት ዝተመስረተ ውሽጣዊ ሃገራዊ ፖለቲካ ኤርትራን፡ ኣ ዶባታትካ ዕጾ ዝተሞርከሰ ፖለቲካ ሕቡራት ሃገራት ኣውሮጳን ነቲ ኩናታት ኣብ ምግዳዱ ዓቢ ግደ ተጻዊቱ።

መራሕቲ ኤርትራ፡ ሕግታት መሰል-ወዲሰብ ንኸኽብሩን፡ ፖለቲካዊ እሱራት ብቕጽበት ኽፈትሑን፡ ዲሞክራስያዊ ቅዋም ኽጽድቑን፡ ብዝያዳ ፖለቲካውያንን፡ በርጌሳውያንን ሰልፍታት፡ ነጻ መዕከናት ዜና ንኽፍቅዱ፡ ከምኡ ውን ነጻን ዘየዳሉን ምርጫ ንኽግበር ከፍቅዱ ጻውዒት ንገብር።

ዓለም ለኻዊ ሕብረተሰብን፡ መንግስትታትን፡ ሕቡራት መንግስቲታትን፡ ሕቡራት ሃገራት ኣፍሪቃን፡ ሕቡራት ሃገራት ኦይርጳ ኮምኡ ውን፡ ተራ ህዝቢ ዓለምን፡ ንኹሎም እቶም እዚ ጠለበታት ዝድግፉ ፖለቲካውያን ሓይልታት ኤርትራ ንኽሕግዙ ንምህጻን። ንስደተኛታት ኤርትራ ተቐባልነት ንኽገብሩሎምን፡ መንግስቲ ኤርትራ ካብ ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ዜጋታት ብተጽዕኖ ዝጠልቦ ክፍሊት ንኽእግዱን ንመንግስትታት ጻውዒት ንገብር፡፡ እንተድኣ ኤርትራ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣፍደገ ከፊታ፡ መታን ካብቲ ዘላቶ ዓለም ለኻዊ ተነጽሎ ኽትወጽእን ዘድልያ ፖለቲካውን ነገራውን ሓገዛት ክትረክብ ዓቕምና ብዝፈቕዶ ዝከኣለና ክንገብር ኢና።

ኣበገስቲ ናይዚ ጻውዒት ብ፡ ዶ/ር ኣስያ ዓብዱልቃድር፡ ዮናስ በርሀ፡ ኤፋ-ማርያ ብሩኽሃውስ፡ ዶ/ር ኮንራድ ሜልሸርስ